**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ**

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# ደምዳሚ መግለጺ፡ 10ይ-ስሩዕ ኣኼባ፡ ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፤

ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) መበል 10ይ-ስሩዕ ኣኼብኡ፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ታሕሳስ 2019 ዓ.ም. ኣቃኒዑ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡ መበል 10ይ-ስሩዕ ኣኼብኡ፡ ኣብ ፍሉይ ሃገራዊ ኩነታት እዩ ኣሰላሲሉ። ብሓደ ወገን፡ ኣንጻር ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ ዝተወለዐ ናይ ይኣክል ምንቅስቓስ፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከብርኽ፡ ዓቕምታቱ ብዝበለጸ ንምውዳብ፡ ጽዑቕ ምንቅስቓስ ኣብ ዝካየደሉ እዋን እዩ። በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፡ ዝተፈላለዩ መልክዓት ዘለዎም ድሕረታት እናጻሕተረ፡ ናይ ህዝብታትና ናይ ለውጢ ምንቅስቓስ ከበርዕን፡ ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብለሉ እዋን እዩ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ ኣብ ኣኼብኡ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ዓለማት ዝርከቡ፡ ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያን፡ ነቲ ኣብ ሞንጎ፡ ናይ ህዝብታትና ናይ ይኣክል ምንቅስቓስን ፖሎቲካዊ ውድባትናን ተራእዩ ዘሎ ክፍተት ንምዕባስ፡ ብቐዳምነት ኣብ ሞንጎ ፖሎቲካዊ ውድባት ዝረአ ፍልልያት ንምፍታሕን፡ ሓቢሮምን ተቐራሪቦምን ዝቃለሱሉ ኩነታት ንምጥጣሕ ዘካይዱዎ ዘለዉ ዕቱብ ጻዕሪ፡ ግቡእ ኣቓልቦን ክብርን ሂቡ ተዛትዩሉ። ከም'ዚ ዓይነት ህዝባዊ ባህርያት ዘለዎም ጻዕርታት ተጠናኺሮም ክቕጽሉ እናዘኻኸረ፡ ንህሉው ኩነታት ዝምጥን ተግባራዊ ምንቅስቓስ ከካይድ ዘለዎ ድሉውነት ኣረጋጊጹ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ውድብና፡ ዝለዓለ ቱኽረት ሂቡ ብስፍሓትን ብዕምቆት ዝዝተየሉ፡ ንናይ ይኣክል ምንቅስቓስን ዝርከበሉ ደረጃ ምዕባለን ብዝምልከት እዩ። ህዝብታትና፡ ካብ'ቲ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስን ጉጅልኡን፡ ንልዕሊ 28 ዓመታት ዝተኸተሉዎ፡ ፍጹም ጸረ ህዝብን ጸረ ዲሞክራስን ዝኾነ፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ዘቃልዖም ስርዓተ ኣገዛዝኣ፡ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክናገፉ፡ ቆሪጾም ተላዒሎም ምህላዎም ገምገመ። ይኹን'ምበር ናይ ብቑዕ መሪሕ  ኣካል ምስረታ ሕቶ፡ ገና ኣብ መስርሕ ዘሎ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ነዚ ንምምላስ ዝካየድ ዘሎ ዕቱብ ጻዕሪ፡ ናይ ኩሎም ደለይቲ ለውጢ ዲሞክራስያውያን ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ደገፍ ከይፍለዮ ኣዘኻኸረ። ከም ውድብ ይኹን ከም ኣባል ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ) ንናይ ህዝብታትና ናይ ይኣክል ምንቅስቓስ፡ ብብቑዕ ኣመራርሓ እናመርሐ፡ ብዝበለጸ ደልዲሉ  ንቕድሚት ዝምርሸሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር፡ ዝከኣሎ ዘበለ ኩሉ ከበርክት ድሉው ምህላዉ ኣረጋጊጹ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡ ኣብ ኣኼብኡ፡ ኣፈጻጽማ'ቶም ኣብ መበል 9ይ-ስሩዕ ኣኼብኡ ዝሓንጸጾም መደባት ብዕምቆትን ብስፍሓትን ገምጊሙ፡፡ ብፍላይ ነቲ ናብ 8ይ-ውድባዊ ጉባኤ ንምእታው ዝካየድ ዘሎ ቅድመ ምድላውን፡ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለን ብዝርዝር ርእዩ። ኣብ ኣፈጻጽማ ዝሓንጸጾም መደባት፡ ዘረጋገጾም ኣወንታዊ ምዕባለታት ዓቂቡ፡ ብዝያዳ ንምሕያል ከሰርሕ፡ ነቶም ዝተራእዩ ሕጽረታት ድማ ክእርም፡ ጻዕርታት ከካይድ ወሲኑ። እቲ ናብ 8ይ-ውድባዊ ጉባኤና ንምእታው ክካየድ ዝጸንሐ፡ ጽፉፍ ቅድመ ምድላው ብዝበለጸ ተጠናኺሩ  ክቕጽል ዘብቅዖ ዝርዝር መደባት ተሊሙ። ኣባላት ውድብናን ደገፍትናን ኣብ ምዕዋት 8ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ጸዊዑ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝመጹ ኣርባዕተ ወርሓት ዝዓሞም ኩሉ መዳያዊ መደባት ብምሕንጻጽ፡ ኣኼብኡ ዛዚሙ።

ቅኑዕ መስመር ሓፋሽን ሒዝና፡ ጽንኩር መድረኻት ብምስጋር ክንዕወት ኢና!!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት
ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
ታሕሳስ 2019 ዓ.ም.